# ቋንቋ ናይ ካብ ከባቢ ሽድሽተ ወርሒ ዝዕድሚኡ ውላድካ

### ብዛዕባ ቋንቋ ካብ ናይ ሽድሽተ ወርሒ ዝዕድሚኡ ውላድካ ገለ ቁሩብ፡

- እዛ ዓለም ንውላድካ ነገራት ንኽፈልጡ ብዙሕ ተቐርብ! ውላድካ ኣበይ ከምዝርእይ ተዓዘብ፡ ቃላት ድማ ሃቦ። ነቶም ስምዒት ዝቕስቅሱ ዓበይቲን ንኣሽቱን ነገራት ድማ ርኸብ!
- ውላድካ ድሮ ብናይ ገጽ ኣዘራርባታት፡ ብድምጺታትን፡ ከምኡ’ውን ምንቅስቓሳት ብምጥቃም ምሳኻ ይዘራረብ ኣሎ። ከምኡ’ውን ኣብ ቀረባ እዋን ብመገዲ ዘረባ መሰል ወልደፍደፍ ክብል ክጅምር እዩ።
- ውላድካ ኣብ ቀረባ እዋን ናይ መጀመርያ መግለጺታቶም ከም ‘ርኦ’፡ ከምኡ’ውን ቃላት ከም ‘ማማ’ ን ‘ፓፓ’ ን ክብሉ ክጅምሩ እዮም።
- ውላድካ ምሳኻ ክዛረብ፡ ክጻወትን ከምኡ’ውን ኣብ ፎከስቲ ናይ ምንቅስቓስ ጸወታታትን ደርፊ መሞግዚ-ሕጻናትን ክሳተፍ ይፈቱ፡

### ብዛዕባ ኩሉ ነገር ተዛረብ

ምስ ውላድካ ብዛዕባ ኩሉ ዝተፈጸመ ነገርን ተገዳስነት ዘሕድረሎም ነገራትን ኣዛርቦም። ብዛዕባ መግቢ፡ ክዳውንቲ፡ ከምኡ’ውን ብዛዕባ ዝረኣየካ ነገርን ውላድካ ዝገብሮ ነገራትን ኣዛርቦ። ንውላድካ ብንጥፈት ጽን ኢልካ ስምዓዮ፡ ምኽንያቱ ብቐጻሊ ንኽዛረብ ስለዘተባብዖ። ንውላድካ ኣዝዩ ብዙሕ ግዜን ኣቓልቦን ሃቦ!

### ፈላሊ ከምኡ’ውን ድገም

ናይ ውላድካ ድምጺ ድገም፡ እንታይ ማለት ከምዝኾነ ገምት፡ ናብ ቃላት ድማ ቀይሮም። ቅድሚ ምቕጻልካ ክሳብ ውላድካ ብድምጺታት ድዩ ወላ ብምንቅስቓሳት መልሲ ዝህብ ተጸበ። ውላድካ ዝርርብ በብተራ ከምዝትግበር ድሮ ክማሃር ጀሚሩ ኣሎ፡ ከምኡ ድማ ኣብ ሞንጎ ቃላትን ነገራትን ዘሎ ርክባት ክርድኦ እውን ጀሚሩ እዩ።

### ብቋንቋ ተጻወት

መዝሙርን ከምኡ’ውን ደርፊ መሞግዚ-ሕጻናትን ዘምር፡ ደርፊ ዘለዎ ጸወታታት ተጻወት። ኣጻብዕ ኢድን ኣጻብዕ እግሪን ተጠቀም፡ ዓጠጥታን ህምምታን ግበር ከምኡ’ውን ተዋዘ! ኣብ ቤት መጻሕፍቲኻ ክትልቅሖን ንዝ ምሳኻ ክትወስዶን እትኽእል መጻሕፍቲ ደርፊታትን ሙዚቃታትን ኣሎ።

### ብሓባር ተዛረብ-ኣንብብ

ውላድካ ንኣጠማምታኻ ከምኡ’ውን ንናይ ርእስኻን ኣእዳውካን ውዝወዛ ክከታተሎ ኣብ ዝኽእለሉ እዋን፡ ሓደ ናይ ሕጻን መጽሓፍ ምቕራብ ስምዒት ዝቕስቅስ ሓዲሽ ርኽበት ክኸውን ይኽእል። ናብቶም ስእሊታት ኣንዳኣመልከትካ መግለጺ ሃብ። ውላድካ ኣብ ምንታይ ተገዳስነት ከምዘለዎ ኣድህብ። ኣብ መጀመርታ እቲ ተገዳስነት  ኣመና ሓጺር ክኸውን ይኽእል፡ ግን ናይ ውላድካ ናይ መተኩሮ ክእለት ቀስብቀስ ክመሓየሽ ይኽእል።

### ብቋንቋ ኣደ ተዛረብ

ብቋንቋ ኣደ ተዛረብ፡ ዘምር ከምኡ’ውን ኣንብብ። መብዛሕትኦም ኣብ ዓለም ዘለዉ ሕጻናት ኣብ ብዙሕ ቋንቋታት ዘለዎ ከባቢታት ይነብሩ፡ ኣብ ካብ ሓደ ቋንቋ ንላዕሊ ዘለዎ ከባቢ ምዕባይ ድማ ዝያዳ ሓለፋ ዘለዎ እዩ።

### ዝያዳ ርኸብ

- ብዛዕባ ቡክስታርት ኣብዚ ዝያዳ ኣንብብ www.bokstart.se
- እንተዳኣ ብዛዕባ ናይ ውላድካ ናይ ቋንቋ ዕብየት ዝኾነ ስክፍታ ኣሎካ ኬይኑ፡ ንማእከል ጥዕና ሕጻናት ተወከስ። ከምኡ’ውን ብዛዕባ ናይ ውላድካ ናይ ቋንቋ ዕብየት ምስ ኣብ መውዓል ህጻናት ዝርከቡ ኣባላት ክትመያየጥ እውን ትኽእል።

ቤት ምኽሪ ባህሊ ሽወደን ንናኣሽቱ ሕጻናት ምንባብ ከተባብዕን ቋንቋ ከነቓቕሕን መንግስታዊ ሓላፍነት ተዋሂብዎ እዩ። ቡክስታርት
ሃገራዊ ተበግሶ ፈደል ቆጸራ ኬይኑ ግዜኡም ኣብ ከባቢ ሕጻናት ኣብ ዘሕልፉ ወለዲን ዓበይቲን የተኩር።

Tigrinja

Bokstart

# ቋንቋ ናይ ካብ ከባቢ ሓደ ዓመት ዝዕድሚኡ ውላድካ

## ብዛዕባ ቋንቋ ካብ ናይ ሓደ ዓመት ዝዕድሚኡ ውላድካ ገለ ቁሩብ፡

- ውላድካ ብዛዕባ ነገራት ንኸሕብረካ ናይ ርእሲን ኣእዳውን ውዝወዛ ከምኡ’ውን ድምጺ ይጥቀም።
- እቶም ናይ መጀመርያ ቃላት ድማ ብዛዕባ ኣብዚን ሕጂን ዘለዉ ነገራት፡ ከም ‘ኩዑሶ’፡ ‘ባንቡላ ድቢ’ ከምኡ’ውን ‘ርአ’ ዝኣመሰሉ ቃላት እዮም።
- ውላድካ ካብቲ ክብሎ ዝኽእል ዝያዳ ቃላት ይርዳእ፡ እንተኾነግዳ ኣብ ምትርጓምን ርእይቶ ምሃብን ናትካ ሓገዝ ይደሊ።

## ናይ ውላድካ ድልየታት ተኸታተል

ናይ ውላድካ ቋንቋ ንኽተማዕብል፡ መዓልታዊ ትርእዮን ትፍጽሞን ዝኾነ ነገር ክትጥቀም ትኽእል። ነቶም ኣብ’ዚ ሕጂ እዋን ውላድካ ተገዳስነት ዘርእየሎም ነገራት ቃላት ስርዓሎም። እንተድኣ ውላድካ ናብ ሓንቲ ድሙ እንዳ ኣመልከተ “ርአ” ኢሉ፡ ‘እወ፡ እቲኣ ድሙ እያ። ነታ ድሙ ትፈትዋዶ?’ ብምባል ክትምልሰሉ ትኽእል። ንውላድካ መልሲ ክሳብ ዝህበካ ክትጽበ ከምዘለካ ዘክር።

## ኣቓልቦ ሃብ ከምኡ’ውን ጽን በል

ንውላድካ ዘይተኸፋፈለ ኣቓልቦ ክትህብ ከለኻን ብንቕሓት ጽን ኢልካ ክትሰምዕ ከለኻን፡ እቲ ሕጻን ነቲ መልእኽቲ ኣገዳሲ ነገር ጌርካ ከምትሓስቦ ይስምዖ፡ ወላ እቲ ሕጻን ሓንቲ ቃል ይዛረብ ወይ የመልክት እንተሃለወ፡ ወይ ብኻልእ መገዲ ገለ መልእኽቲ እንተ ኣመሓላለፈ ማለት እዩ። እቲ ናትካ መልሲታት ድማ ሰባት ዝርርብ ክገብሩ እንከለዉ በብተራ ከምዘካይድዎ ነቲ ውላድካ ይምህሮ።

## ብቋንቋ ተጻወት

መዝሙርን ከምኡ’ውን ደርፊ መሞግዚ-ሕጻናትን ዘምር፡ ደርፊ ዘለዎ ጸወታትት ተጻወት። ኣጻብዕ ኢድን ኣጻብዕ እግሪን ተጠቐም፡ ዓጠጥታን ህምምታን ግበር ከምኡ’ውን ተዋዘ!

## ገለ ነገር ፍጠር፡ ከምኡ’ውን ዛንታ/ጽውጽዋይ ንገር

ንውላድካ ብዛዕባ እቲ ናይ ድቢ ባንቡላኡ እንታይ ይገብር ከምዘሎ፡ ወይ ድማ እታ ኣብ ግዳም ዘላ ኣውቶቡስ ናበይ ከምተምርሕ ዘላ ንገሮ። ብዛዕባ ናይ ኣዝማድን ናይ ኣዕሩኽትን ስእሊታት ኣዘራርቦ። ውላድካ ሓደሽቲ ቃላት ብዝተፈላለየ ኣሰራርዓ ብተደጋጋሚ ምስማዕ የድልዮ።

## ቀለልቲ ናይ ስእሊ መጻሕፍቲ ኣንብብ

ኣብዚ ደረጃ’ዚ ናይ ስእሊ መጻሕፍቲ ምጥቃም ክትጅምር ትኽእል። ኣብ’ቲ ስእሊ ብሓደ ግዜ ብምርኣይን ብምምልካትን ጀምር። ንምጅማር ዝኣክል፡ ብዛዕባ እቶም ስእሊታት ጥራይ እንተ ተዛሪብካ ዝቐለለ ይኸውን፡ ኣብ መወዳእታ ግን እቲ ውላድካ ነቲ ጽሑፍ ናይ’ቲ መጽሓፍ ክሰምዖ ክኽእል እዩ። እቲ ቤተ መጻሕፍቲኻ ንገዛ ክትወስዶም እትኽእል መጻሕፍቲ ሓበሬታ ኣሎ።

## ብቋንቋ ኣደ ተዛረብ

ብቋንቋ ኣደ ተዛረብ፡ ዘምር ከምኡ’ውን ኣንብብ። መብዛሕትኦም ኣብ ዓለም ዘለዉ ሕጻናት ኣብ ብዙሕ ቋንቋታት ዘለዎ ከባቢታት ይነብሩ፡ ኣብ ካብ ሓደ ቋንቋ ንላዕሊ ዘለዎ ከባቢ ምዕባይ ድማ ዝያዳ ሓለፋ ዘለዎ እዩ።

## ዝያዳ ርኸብ

- ብዛዕባ ቡክስታርት ኣብዚ ዝያዳ ኣንብብ www.bokstart.se
- እንተዳኣ ብዛዕባ ናይ ውላድካ ናይ ቋንቋ ዕብየት ዝኾነ ስክፍታ ኣሎካ ኬይኑ፡ ንማእከል ጥዕና ሕጻናት ተወከስ። ከምኡ’ውን ብዛዕባ ናይ ውላድካ ናይ ቋንቋ ዕብየት ምስ ኣብ መውዓል ህጻናት ዝርከቡ ኣባላት ክትመያየጥ እውን ትኽእል።

ቤት ምኽሪ ባህሊ ሽወደን ንናኣሽቱ ሕጻናት ምንባብ ከተባብዕን ቋንቋ ከነቓቕሕን መንግስታዊ ሓላፍነት ተዋሂብዎ እዩ። ቡክስታርት ሃገራዊ ተበግሶ ፊደል ቆጸራ ኬይኑ ግዜኦም ኣብ ከባቢ ሕጻናት ኣብ ዘሕልፉ ወለዲን ዓበይቲን የተኩር።

Tigrinja

Bokstart

# ቋንቋ ናይ ካብ ከባቢ 18 ኣዋርሕ ዝዕድሚኡ ውላድካ

### ብዛዕባ ቋንቋ ካብ ናይ 18 ኣዋርሕ ዝዕድሚኡ ውላድካ ገለ ቁሩብ፡

- ኣብ'ዚ ዕድመ'ዚ ብዙሓት ሕጻናት ከባቢ 200 ልሙዳት ቃላት ይርድኡም።
- ብዙሓት ቃላት ብገዛእርእሶም ይጥቀሙ፡ እንተኾነ ግዳ እቶም ቃላት ዝተፈላለዩ ነገራት ብዝተፈላለዩ ኣሰራርዓ ክትርጎሙ ይኽእ
- ገሊኦም ሕጻናት ዝተፈላልዩ ቃላት ናብ ሓደ ከቕምጡ ይጅምሩ፡ ከም 'ማማ መኪና' ወይ ድማ 'ፓፓ ኣብቲ'።

### ነንሕድሕድኩም ምዝርራብ ኣዘውትሩ

ኣብ ዝተፈላለየ ኩነታት ብዛዕባ እንታይ ትገብር ከምዘለኻ ተዘራረብ። ንውላድካ እንታይ ፍጻመ ከምዘሎ ንገሮ፡ ከምኡ'ውን እንታይ ከምትገብር ዘለኻ ብቓላት ስርዓዮም። ንናይ ውላድካ ሓሳብን ርእይቶን ብጥንቃቐ ጽን ኢልካ ስማዕ። ንውላድካ ኣዝዩ ብዙሕ ግዜ ሃብ።

### ውላድካ እንታይ ከምዝብል ኣረጋግጽ፡ ከምኡ'ውን ኣማዕብል

ናይ ውላድካ ናይ ገዛእርእሱ ቃላት ክትጥቐም ከለኻን ኣብ ርእሲኡ ድማ ሓደሽቲ ቃላት ክትሕውሰሉ ከለኻ፡ ነቲ ውላድካ ቋንቁኡ ከማዕብል ትሕግዞ ኣለኻ ማለት እዩ። ሓደ ሕጻን ብዙሕ ግዜ ናይ ገዛእርእሱ ቃላት ይጥቀም። ንውላድካ ኣይትኣርሞ፡ እንታይ ድኣ ምእንቲ እቲ ውላድካ ከመይ ከምዝድመጽ ክሰምዖ ክኽእል እቲ ቅኑዕ ቃል ተጠቐም።

### ቃልት ናብ ናይ ውላድካ ናይ ገዛእርእሱ ቃል ኣዛምድ

እንተድኣ ንሓደሽቲ ነገራት ምስ'ቲ ውላድካ ኣቐዲሙ ዝፈልጦም ነገራት ከተዛምድ ክኢልካ፡ እቲ ሕጻን ንኽማሃር ዝቐለለ ይኸውን። እንተድኣ ሓደ ስእሊ ናይ ገለ ስረ ርኢኻ፡ ናብቲ ናይ ውላድካ ስረ እንዳ ኣመልከትካ ከምዚ ትብል፡ 'ንስኻ እውን ስረ ኣሎካ፡ ልክዕ ከምቲ ናይ ኣብ መጽሓፍ ዘሎ ሕጻን'።

### ብሓባር ተዘራረብ፡ ከምኡ'ውን ኣንብብ

ውላድካ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ በቶም ብሓባር ክትዘራረብሉ እትኽእሉ ብዙሓት ዝተፈላለዩ መጻሕፍቲ ፍስሃ ክረኽበሎም እዩ። ብዛዕባ ኣብቶም መጻሕፍቲ እንታይ ይካየዱ ከምዘለዉ ግሁድ ዝኾኑ ሕቶታት ሕተት፡ ነዚ ተግባር ድማ ምስ'ቲ ናይ ውላድካ ናይ ገዛእ ርእሱ ልምዲታት ኣዛምድ፡ 'ንስኻ እንታይ ይመስለካ. . .?' 'ንስኻ ትዝክርዶ. . .?'

### ብቋንቋ ኣደ ተዛረብ

ብቋንቋ ኣደ ተዛረብ፡ ዘምር ከምኡ'ውን ኣንብብ። መብዛሕትኦም ኣብ ዓለም ዘለዉ ሕጻናት ኣብ ብዙሕ ቋንቋታት ዘለዎ ከባቢታት ይነብሩ፡ ኣብ ካብ ሓደ ቋንቋ ንላዕሊ ዘለዎ ከባቢ ምዕባይ ድማ ዝያዳ ሓለፋ ዘለዎ እዩ።

### ዝያዳ ርኸብ

- ብዛዕባ ቡክስታርት ኣብዚ ዝያዳ ኣንብብ www.bokstart.se
- እንተዳኣ ብዛዕባ ናይ ውላድካ ናይ ቋንቋ ዕብየት ዝኾነ ስክፍታ ኣሎካ ኬይኑ፡ ንማእከል ጥዕና ሕጻናት ተወከስ። ከምኡ'ውን ብዛዕባ ናይ ውላድካ ናይ ቋንቋ ዕብየት ምስ ኣብ መውዓል ህጻናት ዝርከቡ ኣባላት ክትመያየጥ እውን ትኽእል።

ቤት ምኽሪ ባህሊ ሽወደን ንናኣሽቱ ሕጻናት ምንባብ ከተባብዕን ቋንቋ ከነቓቕሕን መንግስታዊ ሓላፍነት ተዋሂብዎ እዩ። ቡክስታርት
ሃገራዊ ተበግሶ ፊደል ቆጸራ ኬይኑ ግዜኦም ኣብ ከባቢ ሕጻናት ኣብ ዘሕልፉ ወለዲን ዓበይቲን የተኩር።

Tigrinja

Bokstart

# ቋንቋ ናይ ካብ ከባቢ 3 ዓመት ዝዕድሚኡ ውላድካ

## ብዛዕባ ቋንቋ ካብ ናይ 3 ዓመት ዝዕድሚኡ ውላድካ ገለ ቁሩብ፡

- ብዙሓት ሕጻናት ኣብ'ዚ ዕድመ'ዚ ሓያሎ ኣማኢት ቃላት ይፈልጡ። ቃላት ናብ ሓደ ምሉእ ሓሳባት ክሰርዑ ይኽእሉ፡ ሓጸርቲ ዝርርባት ድማ ክካይዱ ይጅምሩ።
- ውላድካ ሓያሎ ሕቶታት ይሓትት፡ ቃላት ከመይ ጌርካ ከምትጥቀመሎምን በዞም ቃላት ድማ እንታይ ክትገብር ከምትኽእልን ክርድኦ ይጅምር።
- ውላድካ ብዛዕባ ዘጋጠሞ ነገራት ክነግረካ ይጅምር፡ ገለ ነገራት ኣብ ተዘንትወሉ እዋን ድማ ጽን ኢልካ ምስማዕ ፍሳሃ ይህቦ።

## ፊደላትን ቃላትን ርኸብ

ኣብ ናይ ቅድመ-ትምህርቲ ዕድመ፡ ብዙሓት ሕጻናት ብዛዕባ ፊደላትን ቃላትን ህንጡያት እዮም። ውላድካ ተገዳስነት ኣብ ዘርእየሉ እዋን ናብ'ቲ ምልክታን መዓሸጊን ኣመልኪትካ ኣንብብ። ነቶም ኣብ ከባቢኻ ዝርከቡ ምልክታትን ትእምርቲታትን ፈቲሽካ እውን  እንታይ ትርጉም ከምዘለዎም ክትዘራረበሎም ትኽእል።

## ሓደሽቲ ቃላት ግለጽ

ኣብ ግዳምን ከባብን ኣብ ትኸደሉ እዋን ነቶም ዘጋጥሙኻን ዝረኣኻዮምን ሓደሽቲ ቃላት ተጠቀም። ነቶም ውላድካ ክርድኦም ዘይክእል ቃላት ግለጾም፡ 'ባሕሪ ማለት ከም ሓደ ቀላይ ኬይኑ ኣዝዩ ዓቢ ጥራይ እዩ።' ወይ ድማ፡ 'ናብ ገምገም ባሕሪ ኣብ ንኸደሉ እዋን ኣብ'ቲ ባሕሪ ጨብረቕረቕ ንብል።' ብምባል ግለጽ።

## ዝርርብ ይሃልወካ

ብዛዕባ ኣብ'ታ ምዓልቲ'ቲኣ እንታይ ከምዘጋጠመ ተዘራረብ። ውላድካ ኣብ መውዓሊ ህጻናት ብዛዕባ ዝገብሮም ትፈልጦም ነገራት ተኸታተል፡ ውላድካ ብዛዕብኡ ዝያዳ ከዕልለካ ድማ ዓድሞ።

መብዛሕቶም ደቂ ሰለስተ ዓመት ሕጻናት ንኹሎም ቃላት ከምቲ ናይ ዓበይቲ ጌሮም ኣየድምጽዎን እዮም። ዝኾነ ቃላት ሕማቕ ከድመጽ ኣብ ትሰምዓሉ እዋን፡ እንተድኣ ንስኻ ብትኽክል ኣድሚጽካዮ እቲ ውላድካ እውን ኣብ መወዳእታ ብትኽክል የድምጾ።

## ብሓባር ኣንብብ

መዓልታዊ ንቁሩብ እዋን ናይ ምንባብ ልምዲ ግበር። ብዙሓት ሕጻናት ደጋጊምካ ክንበበሎም ዝደልይዎ ፍቱው ዝኾነ መጽሓፍ ኣለዎም። ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ናይ ስእሊ መጻሕፍቲ ቁሩብ ዝያዳ ዝተሓላለኸ ዛንታ ከጠቓልሉ ይኽእሉ፡ እንተኾነ ግዳ ብመገዲኻ ጌርካ ነቲ ዛንታ ክተብርሃሎም ዝበለጸ እዩ።

እቲ መጽሓፍ ብዛዕባ እንታይ ከምዝገልጽ ብምብራህ ዝርርብ ጀምር፡ ንውላድካ ድማ ንእግረ መገዲኻ ሕቶታት ክሓትት ክኽእል ኣተባብዕ። እንተድኣ ውላድካ ሓደ ሕቶ ሓቲቱ፡ ኣቋርጽ፡ ከምኡ ድማ ኣብ ሓደ እዋን ጽን ኢልካ ስማዕን ሕሰብን።

ኣሰተውዕል፡ ጸወታ ንውላድካ ናይ መምሃሪ መገዲ እዩ። ስለዚ ብሓባር ተጻወት፡ ኣንብብ፡ ዘምር ከምኡ'ውን ጽውጽዋያት ንገር።ደርፊ መሞግዚ-ሕጻናትን መዝሙርን ሕጂ'ውን ኣዘናጋዕቲ እዮም። ሓደሽቲ ቃላት ንምስትምሃር እቲ ዝበለጸ መገዲ ምንባብ መጻሕፍቲ እዩ!

## ብቋንቋ ኣደ ተዛረብ

ብቋንቋ ኣደ ተዛረብ፡ ዘምር ከምኡ'ውን ኣንብብ። መብዛሕትኦም ኣብ ዓለም ዘለዉ ሕጻናት ኣብ ብዙሕ ቋንቋታት ዘለዎ ከባቢታት ይነብሩ፡ ኣብ ካብ ሓደ ቋንቋ ንላዕሊ ዘለዎ ከባቢ ምዕባይ ድማ ዝያዳ ሓለፋ ዘለዎ እዩ።

## ዝያዳ ርኸብ

- ብዛዕባ ቡክስታርት ኣብዚ ዝያዳ ኣንብብ www.bokstart.se
- እንተዳኣ ብዛዕባ ናይ ውላድካ ናይ ቋንቋ ዕብየት ዝኾነ ስክፍታ ኣሎካ ኬይኑ፡ ንማእከል ጥዕና ሕጻናት ተወከስ። ከምኡ'ውን ብዛዕባ ናይ ውላድካ ናይ ቋንቋ ዕብየት ምስ ኣብ መውዓል ህጻናት ዝርከቡ ኣባላት ክትመያየጥ እውን ትኽእል።

ቤት ምኽሪ ባህሊ ሽወደን ንናኣሽቱ ሕጻናት ምንባብ ከተባብዕን ቋንቋ ከነቓቕሕን መንግስታዊ ሓላፍነት ተዋሂብዎ እዩ። ቡክስታርት ሃገራዊ ተበግሶ ፊደል ቆጸራ ኬይኑ ግዜኦም ኣብ ከባቢ ሕጻናት ኣብ ዘሕልፉ ወለዲን ዓበይቲን የተኩር።

Tigrinja

Bokstart